ሕ Q&A መ

ኣር ኤስ ቪ(ቫይረስ መተንፈሲ ኣካላት)፣ጉንፋዕን ኮሮናን ኣብ ኪንግ ካውንቲ እንታይ ክፈልጥ ኣለኒ?



Public Health
Seattle & King County

ኣር ኤስ ቪ፣ ጉንፋዕን ኮሮናን– እንታይ ክትፈልጡ ኣለኩም

ንምንታይ እዩ ህዝባዊ ጥዕና ኣብ ክረምቲ ብዛዕባ ኣር ኤስ ቪ ን ፣ ጉንፋዕን ፣ ኮቪድን ፣ ዝጭነቕ?

ኣብዚ ጽድያ ብዙሓት ናብ ህጹጽ ክፍሊ ሕክምና ምብጻሕ ዘድልዮም ሕሙማት ኣር ኤስ ቪን ጉንፋዕን ተራእዮም እዮም - ብፍላይ ኣብ ኣናእሽቱ ህጻናት።ኣብዚ ክረምቲ እውን ሰባት ኣብ ውሽጢ ገዛ እናተኣከቡን ሓደሽቲ ዓሌታት ኮቪድ እናተስፋሕፈሑን ክኸዱ እንከለዉ ዝያዳ ሕሙማት ኮቪድ ናብ ሆስፒታል ክኣትው ከምዝኽእሉ ክንርኢ ንኽእል ኢና።

እዞም ሕማማት እዚኣቶም ንንኣሽቱ ህጻናት፡ ንዓበይትን ካልኦት ተቓላዕቲ ሰባትን ኣዝዮም ከሕምሙ ይኽእሉ ። ንሆስፒታላትን ክሊኒካትን ድማ ልዕሊ ዓቕን ከጨናንቑ ይኽእሉ።

ኣብዚ ክረምቲ እዚ ፡ ህዝባዊ ጥዕና ብዛዕባ RSVን ሰዓልን ኮቪድ ዘሻቕል ስለምንታይ እዩ ?

ኣር ኤስ ቪ፣ ጉንፋዕን ኮሮናን- እንታይ ክትፈልጡ ኣለኩም

ኣር ኤስ ቪ እንታይ ኣዩ ?

ኣር ኤስ ቪ ኣብ ወቕቲ ክረምቲ ዝስፋሕፋሕ ልሙድ ናይ ስርዓተ ምስትንፋስ ቫይረስ እዩ። ዝኾነ ሰብ ብኣር ኤስ ቪ ክትሓዝ ይኽእል’ዩ፡ ሎሚ ዓመት ግን ኣብ ንኣሽቱ ህጻናት ብዙሕ ሕሙማት ንርኢ ኣለና።


ንጥዑያት ዓበይቲ፣ ኣረጋውያንን ህጻናትን ኣር ኤስ ቪ ከም ሰዓል ክስምዖም ይኽእል፣ ከም ፀረርታ ናይ ኣፍንጫ፣ ምጉዳል ሽውሃት መግቢ፣ ሰዓልን ረስኒን ዝኣመሰሉ ምልክታት ኣለዎ።. ንህጻናት፣ንኣረጋውያንን ንኻልኦትን ግን ኣዝዩ ከቢድ ሕማም ክኸውን ይኽእል እዩ።.

ኣር ኤስ ቪ፣ ጉንፋዕን ኮሮናን- እንታይ ክትፈልጡ ኣለኩም

ንርእሰይን ንኻልኦትን ብኽመይ ክከላኸል እኽእል?

እንተሓሚምካ ኣብ ገዛኻ ጽናሕ-ዋላ'ውን መርመራ ኮቪድ-19 ኣሉታዊ እንተሃለወካ-ጉንፋዕ ወይ ኣር ኤስ ቪ ክህልወካ ስለ ዝኽእል።

ኣብ ህዝባዊ ናይ ውሽጢ ገዛ ቦታታት ልዑል ጽሬት ዘለዎን ጽቡቕ ዝስማዕ ማስክ ምግባርን ኣእዳውካ ብተደጋጋሚ ምሕጻብን ካብ ሰለስቲኦም ቫይረሳት ንምክልኻል ይሕግዝ።



ኣር ኤስ ቪ፣ ጉንፋዕን ኮሮናን- እንታይ ክትፈልጡ ኣለኩም

ክታበት ጉንፋዕን እዋናዊ ኮቪድ ቡስተርን ክወስድ ዶ ይግባእ?

እወ! ሕጂ ክታበት ጉንፋዕን እዋናዊ ኮቪድ ቡስተርን ምውሳድ ንዓኻ ንምክልኻልን ካብ ሆስፒታል ምኻድን ከድሕነካ ይሕግዝ እዩ። ዕድሚኦም 5 ዓመትን ልዕሊኡን ዝዕድሚኦም ሰባት እንተነኣሰ ቅድሚ 2 ወርሒ ናይ መወዳእታ ናይ ኮቪድ ክታበት ዝወሰዱ እንተኮይኖም እቲ ዝተመሓየሸ ናይ ኮቪድ ቡስተር ክረኽቡ ይኽእሉ።

ነፍሲወከፍ ዕድሚኡ 6 ወርሒን ልዕሊኡን ዝኾነ ክታበት ጉንፋዕ ክወስድ ኣለዎ። ሕማቕ ኣጋጣሚ ኮይኑ ክሳብ ሕጂ ክታበት ኣር ኤስ ቪ የለን።

ኣር ኤስ ቪ፣ ጉንፋዕን ኮሮናን– እንታይ ክትፈልጡ ኣለኩም

ናይ ኮቪድ ክታበት ክሊኒክ ድለዩ

kingcounty.gov/vaccine/Tigrinya

ናይ ጉንፋዕ ክታበት ክሊኒክ ድለዩ

kingcounty.gov/findaclinic

Public Health
Seattle & King County